# Union of Tigreans in North America (UTNA)
## ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ (ማተሰኣ)

UTNA
P.O.BOX 73736
Washington, DC 20056
UTNA67@verizon.net

Tel. (202) 265-8702
Fax. (202) 265-8703

---

## እያሱ በርሀ
### ንመድረኽ ተፈጢሩ ብህዝባዊ ፍቕሪ ተሰንዩ
### ኣብ መድረኽ ዝሓለፈ ታሪኻዊ ኣርቲስት!

**ካብ ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ ዝተዋህበ ናይ ሓዘን መግለፂ**

ንሕና ኣብ ሰሜን ኣሜሪካ እንርከብ ኣባላትን ከምኡውን ኣብዚ ዘለናዮ ናይ ዓለም ኣድማስ ዘሎ መላእ ናይ ኢትዮጵያ ዲያስፖራ ናይ ኣርቲስት እያሱ በርሀ ድንገተኛ ሞት ዝሰማናዮ ብድንጋፀን ዝለዓለ ሓዘንን እዩ፡፡

ኣርቲስት እያሱ በርሀ ፀሓፊ፣ ውሩይ ገጣሚ፣ ናይ ሙዚቃ ደራሲን ኮታስ ኩለመዳያዊ ኣርቲስትን ዙሪያ መለሽ ኪነታዊ ተውህቦን ክእለትን ዘለዎ ሙሉእ ዘይጉዱል ህዝባዊ ናይ ኪነት ሰብ ነይሩ፡፡

ኣርቲስት እያሱ በርሀ ገና ብዕሸል ዕድሚኡ ኣብ ልዕሊ ህዝብ ትግራይ ብፍላይ ህዝቢ ኢትዮጵያ ድማ ብሓፈሻ ተፃዒኑ ዝነበረ ግፍዓውን ኣድሎኣዊን ስርዓት ንምቅላስ ብረት ካብ ዘልዓሉ ውፉያት ደቂ ህዝቢ ሓደ ብምኳን ብዘበርከቶ ኩለመዳያዊ ተሳትፎን ዝኸፈሎ ክቡር መስዋእትነትን ናይ ፀልማት ስርዓት ካብ ስሩ ተማሒዩ ህዝቢ ኢትዮጵያ ናይ ሰላም፣ ፍትሒ፣ ልምዓት፣ ዴሞክራሲን ማዕርነትን ሽግ ኣብ ዝተወለዐሉ ዘመን'ውን መላኺ ስርዓት ኤርትራ ብቕንዕን ፅልኣትን ተለዓዒሉ ሃገርና ሒዛቶ ዘላ ብሩህ ጉዕዞ ንምትዕንቓፍ እኩይ ወራር ኣብ ዘካየደሉ እዋን ከምቲ እዋን ዕጥቃዊ ቃልሲ በቲ ሰሓባይ ኪነጥበባዊ ክእለቱ ሰራዊትን ህዝቢን ከም ሓደ ሰብ ኮይኑ ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ ንኽተምምን ክንቀሳቐስን ብምግባር ኣንፀባራቒ ዓወት ህዝቢ ኢትዮጵያ ንኽምዝገብ ናይ ባዕሉ እጃም ዘወፈየ ክቡር ኣርቲስት እዩ፡፡

ንሕና ኣብ ሰሜን ኣሜሪካ እንርከብ ተጋሩ ኢትዮጵያውያን ኣርቲስት እያሱ በርሀ ኣብ እዋን መሪር ዕጥቃዊ ቃልሲን ድሕሪ ዓወትን ብስምዒት፣ መንፈስን ኣካልን ኣብ ሞንጎና ብምርካብ ንምዕባለ ዴሞክራሲያዊ ስርዓት ዘበርከቶ ዝልዓለ ኣስተዋፅኦ ብፉሉይ ፍቕሪን ስምዒትን ንዝክሮ፡፡

ምንም እኳ እያሱ በርሀ ብሃንደበታዊ ሞት ብኣካል ተተፈለየና ብሕሉፍ ህያውን ታሪኻዊን ኪነታዊ ጥበቡን ስርሑን ዘልኣለም ኣብ ሞንጎና ከምዘሎን ኣብ ሕሊናና ዝመላለስን ብምኳኑ ብዘይምስልቻው ክሳዕ ሕልፈተ ህይወቱ ዝቃለሰሉ ዝነበረ ፍትሒ፣ ሰላምን ማዕርነትን ልምኣትን ኣብ መላእ ሃገርና ዓምቢቡን ኣፍሪዩን ንዘልኣለም ክነብር እጃምና ከምነወፊ ቃል እናኣተና ኣርቲስት እያሱ በርሀ ኣብታ ናይ መወዳእታ ህዝባዊ መድረኽ ዝሰነኞ ህዝባዊ ፍቕሪ ጉዝጓዝ ሰተሰምሃል ዘልኣለማዊ ዕረፍቱ ይኹኖ እናበልና ንመላእ ስድርኡ መሓዝቱ፣ ፈተውቱን ህዝቢ ኢትዮጵያ ብሓፈሻ ህዝቢ ትግራይ ድማ ብፍላይ ፅንዓት ይሃብኩም ንብል፡፡

ሰሉስ ጥሪ 19/2010